## ምስ ዝተፋላለዩ ሰብ መዚ ንዝግበር ርክብ ቀሊል ምግባር

ስራሕ ንምርካብ ወይውን ካልኦት ጉዳያት ብዝምልከት ኣብ እትገብሮ ርክብ ሓገዝ የድልየካ ዶ፧ ዘሎና ጉጅለ ምትሕብባር ቅኑዕ ናይ መራኸቢ መንገድታት ክትረክብ ክትሕግዘካ ትኽእል ኢያ።

ምስ ንናይ ምትሕብባር ጉጅለና ርክብ ምስ እትገብር: ካብታ ጉጅለ ናይ ኣኼባ ጻውዒት ክመጽኣካ ኢዩ። ዘድልየካ ሓገዝ እንታይ ምዃኑ ምስ ሓበርካና: ከመይ ጌርካ ብዝበለጸ መንገዲ ነቲ ዝሓሰብካዮ ንቕድሚት ከምተኺዶ ነማኸረካ: ምስቲ ዝምልከቶ በኣል መዚ ኣብ ትገብሮ ርክብ ድማ ንተሓጋገዘካ።

## ጉጅለ ምትሕብባር ንመን ኢያ ደገፍ ትህብ፧

ኣብ ኦሬብሮ ተቐማጣይ እንተደኣ ኮይንካ: ዕድመኻ ኣብ ሞንጎ 16ን 65 ዓመት እንተደኣ ኮይኑ: ምስ ክፍሊ መድሕን (Försäkringskassan): መራኸቢ ስራሕ (Arbetsförmedlingen): ምምሕዳር ዞባ ኦሬብሩ ከምኡውን ኦሬብሩ ኮሙን ንምርኻብ ሓገዝ ዘድልየካ ምስ እትኸውን ኢዩ።

ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ሓገዝ ክትረክብ ነጻ ኢዩ።

### ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ሓገዝ ንኽትረክብ ከመይ ትገብር፧

ኣብ ኣድራሻ መርበብ orebro.se/samverkansteamet ዝርከብ መመልከቲ ምምላእ። ነቲ መመልከቲ ምስ መላእኻ: ሓደ ሰብ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ፈለማ ንዝግበር ኣኼባ ኣመልኪቱ ክረኽበካ ኢዩ።

ከምኡውን ንስኻ ወይ ሓደ ካብ ስድራቤትካ: ንጉጅለ ምትሕብባር ቴሌፎን ብምድዋል ወይ ብኢሜይል ወይ ናብ ማዕከል ኣገልግሎት ኮሙንና ብምምኻድ ምሳና ርክብ ኪገብር ይኽእል ኢዩ።

ብተወሳኺ ኣብ ክፍሊ መድሕን (Försäkringskassan): መራኸቢ ስራሕ (Arbetsförmedlingen): ምምሕዳር ዞባ ኦሬብሩ ወይውን ኦሬብሩ ኮሙን ብዝሰርሕ ሰራሕተኛ: ምሳና ምስ ጉጅለ ምትሕብባር ርክብ ንኽትገብር ክትንገር ትኽእል ኢኻ።

### ሰራሕተኛታት ጉጅለ ምትሕብባር መን ኢዮም፧

ንሕና ኣብ ጉጅለ ምትሕብባር ንሰርሕ ሰራሕተኛታት: እንኮላይ ሰራሕተኛታት ክፍሊ መድሕን (Försäkringskassan): መራኸቢ ስራሕ (Arbetsförmedlingen): ምምሕዳር ዞባ ኦሬብሩ ወይውን ኦሬብሩ ኮሙን ኢና። ኣብዘን ትካላት እዚአን ከም ኣማኸርቲ ወይ ኣሳለጥቲ ጉዳይ ኢና ንሰርሕ። እንታይ ኣይነት ደገፍ ከምዘድሊ ኣጸቢቕና ንፈልጥ: ከምኡውን ምስ ሓካይም ስነ ኣእምሮን ካልእ መሰረታዊ ሕክምና ዝህቡ ድልዱል ርክብ ዘሎና ኢና።

ንሕና ኣብ ጉጅለ ምትሕብባር ንሰርሕ: ንስኻ ክሰልጠካ ምእንቲ ኢና ንዓዩ። ምስጢር ክንዕቅብ ድማ ግዴታ ዘሎና ኢና። እዚ ማለት ንስኻ ንእትነግረና ነገር ንኻልእ ከይንነግር ግዴታ ኣሎና።

### በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽበና ትኽእል

ኢሜይል: samverkansteamet@orebro.se
ቴሌፎን: 019-21 10 00
ኣድራሻ መርበብ: orebro.se/samverkansteamet

ኣርማታት (እንኮላይ ፊንሳም Finsam)